# ሕጂ ኸ እንታይ ዩ ናይ ምብትታና ጠንቂ

ኣብ ሩባ ዘሎ ውሕጅ ይሰዶ ኣብ ጎቦ ዘሎ ንፋስ ይሰዶ ኢልና ንኹሉ ሰጊርናዮ''ኣብ ሃይደልበር ሃገር ጀርመን ንምሕዝነት መሰሪትናዮ''ናብ ኪዳን ተሰጋጊሩ ኣብቲ ዝብጻሕ ምስ በጽሔ መንዩ ናይ ምብትታና ጠንቂ''ብናይ ኣሃዱግ ኢድም ትእትታው ኪዳን ናብ ክልተ ተመቒሉ''እቲ ሐደ ሽነኽ ንዋዕላ ነጺጉ ክነሱ ኣብ ዋዕላ ክልተ ቦታ ተሐዚኡሉ''ኣብ ጉባኤ ኣዋሳ ኣይሳተፍን እየ ኢሉ ክሳብ ሎሚ እነሆ ሐኪሉ።

ኣይትብዝሑ ኣይኮነን መርገም ኣይትርብሑ እንበር''ህዝቢ ኤርትራ ብውሽጢ (90)ካብ ሚእቲ ተቓዋሚ''ኣጆኻ ዝብሎ ሲኢኑ ከይብገስ ሲኢኑ ዓቕሚ''ኣብ ስደት ዝነብር ኤርትራዊ(90) ካብ ሚእቲ እንታይ ገደሰኒ''ደለይቲ ፍትሒ ኢና እንዳበሉ በተንቲ ይበዝሑ''ኣበይ ኣለኹም ኤርትራ ካብ መግዛእቲ ሐራ ምስ ኮነት ኣነየ ኤርትራዊ ኤርትራዊት ዝበልኩም ሙሁራት''ንሐርነት ምስ ፍትሐዊያን ደው ዘይበልኩም''ካብ መግዛእቲ ሐራ ወጺኤ እንዳበለሰ መግዛእቲ ሃጸይን ደርግን እኳ ክንድዚ ዘይጸንሔ''መግዛእቲ ኢሰያሳዊ ገባቲ ጉጅለ እንበዛ ነዊሑ።

ብናይ ሐባር ሃገራዊ ባይቶ<br>ዕላማና ሐደዩ ስኒት ንፍቶ<br>ንጉጅለ ህግደፍ ክንምክቶ''

ንዋዕላ ንጉባኤን መንእሰያት ምስ ተኻፈልዎ ፍናንና ላዕሊ በጺሑ''ንኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንምድኻም መንዩ ጠንቂ ዝኾነ''ንሕርበኛ ፈላሚ ሰውራ ኤርትራ ሐምድ እድሪስ ዓዋተ ሽፍታ ዝበለ''እቶም ሽፍታ ዝበሉ ደግፍ ምስ ረኸቡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ኣብ ክልተ ተመቒሉ''ዓይንኺ ምሳይ ልብኺ ምስ ደበሳይ''ብጃንዳይ ጃንዳኻ ምስ ኣተወና ንፋስ''ድሕሪ ክንደይ ድኻም2ይ ጉባኤ ኤትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ሃገር ሽወደን ተኻይዱ ከምቲ ዝተጸበናዮ ኣይከደን''ወጊድ ንነሐፍነት እሞ ግብራዊያን ንኹን።

ኩቡር የኽብረካ ማዕረ ኑብሱ<br>ሕሱር የሕስረካ ማዕረ ኑብሱ<br>ህዝብና ዋጋ ከፊሉሉ ንርስቱ<br>ዓገብ ንመጋሚገ መሳርሒ ተጋሩ<br>ኣቱም ብደቀባት ኤርትራ ትቋመሩ''

ደንበና ደንበ ዕንክሊል''ንኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሚክራስያዊ ለውጢ ጎሲኻ ንሐደ ዕላማ ዝተፋላለየ ኣሰማት ሒዝካ ጉያ''ያኣክል ሙህራት ብሩህ መጻኢ ፈልሲ ሕጂ ኸኣ ብሐዲሽ ስልቲ ከም ሽንቲ ገመል ንድሕሪት'' ዓጀብ ኣሳላጢት ኣካል ንምቋም ሐደ ሃገራዊ ሐይሊ ዝበል መጸዋዕታ ንሰምዕ ኣለና'''እቱም ሰባት ን32 ዓመታት ዕንኪሊል ሃየንታ''መራሕቲ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ሃየባ መልሲ ሃቡ''ንኤርትራ ሜሬታ እንበር ህዝባ ኣየድልየና እዩ ዝብል ትንቢት ብጉጅለ ኢሰያስ ኣብ ግብሪ ይውዕል ኣሎ''ወስኑ ብውሽጥን

ብደገን ንድሕነት ህዝብና ብስኒት ክንዳሎ'' ኢትዮጵያዊ ሉኡኽ  ንኤርትራ ብዘይ ደቀባት ከይትርፋ ከሎ።

**ንፍትሐዊት ኤርትራ ናይ ጽባሕ**
**ህዝቢ ኤርትራ ብቅዋም ክምራሕ**
**ሕጂስ ያኣክል ጨናፍራት ምብዝሕ**
**ኢድን ጓንትን ኮና ብስኒት ንስራሕ**
**ኢሰያሳዊ ጉጅለ ክብል ፋሕ ፋሕ''**

ዓወት ነቲ ደም ዝኑበዕ ዘሎ ህዝብና ሉኡላዊት ኤርትራ ንዘለኣለም ከቢራ ትንበር''ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና''ስዕረት ኣንድነታውያንን''ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን''ብኣባል ተሐኤ በርሀ ዑቅባዝጊ ካብ ሃገር ጀርመን 21 ግንቦት 2023።